# Elternbrief Tigrinya

## ውላድና ከመይ ጌሩ ክልተ ቋንቋታት ይመሃር፣

## ቋንቋ ጀርመን ከምኡ ውን ቋንቋና፧

ትሕስቶ፣ ዶር ሚካኤላ ኡልሪች
ትርጉም፣ ብስራት ኪዳነ
ግራፊክ ዲዛይን፣ ሲልቪያ ሁስለር

# ኩቡራት ወለዲ

ምናልባት ሓደ ሓደ ግዜ ንነብስኹም ከምዚ ኢልኩም ትሓቱዋ ትኾኑ።

ወድና ወይ ጓልና ከመይ ኢሉ/ላ ቋንቋ ጀርመን ክመሃር ወይ ክትመሃር እዩ/ያ፥
ውላድና ኣብ ህጻንነቱ ክልተ ቋንቋታት ክመሃር ይኽእል ዶ፥ ወይ ድማ፥
ውላድና ዳሕራይ ኣብ ቤትትምህርቲ ሓሳባቱ ምግላጽ ክክእል ድዩ ፥

ብዙሓት ወለዲ ነዚ ሕቶታት ይሓቱ። ብዙሓት ምሁራት ነዚ ሓሳባት ኣጽኒዖሞ እዮም። ሓደ ሓደ ሓበሬታን ሓገዝቲ ሓሳባትን ብዛዕባ ዞም ሕቶታት ክንህበኩም ንደሊ። ህጻናት ናይ ቋንቋ ዕቑር ትውህብቶም ከማዕብልዎ እንታይ የድልዮም፥

- **ንህጻን ካብ ሓደ ቋንቋ ንላዕሊ ምምሃር ቀሊል እዩ።**

ህጻን ክልተ ዝተፈላለየ ቋንቋታት እንዳ ተዛረበ ኣንተ ድኣ ዓብዩ፣ ንኣብነት ሓደ ቋንቋ ኣብ ገዛ ካልእ ክኣ ኣብ መዋእለ ህጻናት ውላድኩም ዓቢ ዕድል ኣለዎ። ህጻናት ኣብ ንእስነቶም ብግቡእ ኩሉ ቋንቋታት ክመሃሩ ከም ዝኽእሉ ዝተገብረ መጽናዕቲ የረጋግጽ።

ኣቦን ኣደን በበይኑ ቋንቋ ዝዛረቡ እንተኾይኖም፣ ነፍሲ ወከፎም በብቋንቁኦም ምስ ሕጻን ክዛረቡ ይኽእሉ። ህጻናት ነዚ ምኽኣል  ጸገም የብሎምን። ኣብዚ ጉዳይ ንጹር ዝኾነ መምርሒ ምግባር ኣገዳሲ እዩ። ሓደ ሰብ ሓደ ቋንቋ በዚ መሰረት ህጻናት ማማ ብኽምዚ ትዛረብ ባባ  ክኣ ብኽምዚ ይዛረብ፣ ከምኡ ውን ኣብ እዋን ምሳሕ ኩልና ከምዚ ንዛረብ ይብል።

- **መዋእለ ህጻናት ንህጻን ሓደ ዕድል እዩ።**

ኣብ መዋእለ ህጻናት ውላድካ ቋንቋ ጀርመን፣  ንኻልእ ቋንቋ ንምምዕባል ዝጠቕሙ  ኣገደስቲ   ነገራት፣ ዳሕራይ ንትምህርቲ ዝሕግዙ ነገራትን ይመሃር።መዋእለ ህጻናት ንህጻን ዓቢ ዕድል ይህብ፣ ውላድካ መዋእለ ህጻናት ቀልጢፉ ክጅምር ከም ዘለዎ ንምዕደካ፣ ንኣብነት ኣብ ሰለስተ ዕድሚኡ። እዚ ማለት ውላድካ ቅድሚ ትምህርቲ ምጅማሩ ቋንቋ ጀርመን ክመሃር እኹል ግዜ ይህልዎ። መማህራን መዋእለ ህጻናት ቋንቋ ጀርመን ብመገዲ ጸወታ፣ ዘረባ፣ መዝሙር፣ ስእላዊ መጻሕፍቲን ጽውጽዋይን፣ ካልእ ህጻናት ኣብ ዝገብርዎ ነገራት ብምግላጽን ብግቡእ የመሓላልፍ። ኣብ መጀመርያ ህጻን ፈጺሙ ቋንቋ ጀርመን ዘይ ክእል እንተ ድእ ኮይኑ፣ ከም ኣብ ገዝኡ ዝዝረብ ቋንቋ ምስ ዝዛረቡ ህጻናት ይተዓራረኽ። እዚ ክኣ ህጻን ንመዋእለ ህጻናት ክለምዶን ምምሃር ክጅምርን ይሕግዞ።ህጻን ቀስ ኢሉ ዳሕራይ ቋንቋ ጀርመን ዝዛረቡ ህጻናት ኣዕሩኽ ከም ዝገብር ርጉጽ እዩ።

- **ምስ ውላድካ ኣየናይ ቋንቋ ትዛረብ፥**

ተዛረብቲ ቋንቋ ጀርመን ዘይኮኑ ወለዲ፣ ምስ ውላዶም ቋንቋ ጀርመን ክዛረቡ ይመዓዱ ነይሮምን ሓደ ሓደ ግዜ ሕጂውን ይመዓዱ እዮም፣ ምኽንያቱ ኣብ ቤትትምህርቲ ስለ ዝጠቕሞም። እዚ ግን ጽቡቕ ኣይኮነን። ምስ ውላድካ እቲ ብባህርኻ ዝመጸልካ ቋንቋ፣ እቲ ኣዚኻ ትመልኮ ቋንቋ ከምኡ ውን እቲ መበቆላዊ ቋንቋኻ ክትጥቀም ኣለካ። እዚ ክኣ እቲ ዝያዳ ቃላት ትፈልጠሉ ቋንቋ፣ ምሉእ ሓሳባት ብስርዓት ክትገብረሉ እትኽእል ቋንቋ ክኸውን ኣለዎ።እዚ ንውላድካ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ፣ በዚ መሰረት ካብ ንእስነቱ ቀስ ኢሉ ቋንቋ ጀርመን ከመሓር ይኽእል። ህጻን ሓደ ቋንቋ ጽቡቕ ጌሩ ንኽመልኽ ብዙሕ ዓመት ይወስደሉ። እዚ ነቲ ቀንዲ ዝዛረቦ ቋንቋን ንኻልኦት ቋንቋታትን ውን ይምልከት።

እብ ገለ ግዜያት ህጻናት ቋንቋ ጀርመን ጥራሕ ክዛረቡ ክደልዩ ይኽእሉ እዮም፣ ኣብ ውሽጢ ስድራቤት ብኻልእ ቋንቋ እንዳ ተዛረብካዮም ብ ቋንቋ ጀርመን ይምልሱ። እዚ ባህሪያውን  ሓላፍን ተርእዮ እዩ። ንስኻ ኩሉ ግዜ ብቋንቋኻ  ጥራሕ ምዝራብ ብዘይ ምስልቻው እንተ ቀጺልካ፣ ውላድ ክኣ ነቲ ቋንቋ ምስማዕ እንተ ቀጺሉ፣ ውላድ ነቲ ቋንቋ ይርስዖ ኢልካ ኣይትሕሰብ። ውላድካ ነቲ ናይ ኣዲኡ ቋንቋ ዳግማይ ዝጥቀመሉ ግዜ ክመጽእ እዩ።

- **ውላድካ ንምሕጋዝ እንታይ ክትገብር ኣለካ፥**

ህጻናት ቀዳማይ ቋንቁኦም ካብ ስድራቤት ስለ ዝመሃሩን ዘማዕብሉን፣ ስድራቤት ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ህጻናት ኣብ ገዝኦም ቅዳማይ ቋንቋ ምስ ሰምዑ፣ ከም ድላዮም ክጥቀምሉ ዕድል ምስ ረኸቡን ቋንቋ ጀርመንን ካልእ ኣብ ቤትትምህርቲ ካልእ ነገር ምምሃርን ኣየጸግሞምን። ምዕባለ ቋንቋ ውላድካ ንምዕባይ እንታይ ክትገብር ኣለካ፥

### ○ ምዝራብን ጽውጽዋይ ምንጋርን

ቃንቃ ኣብ ሓጺር ልምምድ ኣይከእልን፣ ምስ ህጻናት መዓልታዊ ምስዝግበር ነገራት ይምዕብል። ንኣብነት ካልኦት ህጻናት ክዛረቡ ክሰምዕ ከሎን ባዕሉ ክዛረብ እንከሎን። ህጻናት ክጻወቱ ከለዉ ወይ ስእላዊ መጽሓፍ ክግለጸሎም ከሎ ቋንቋ ይምዕብል፣ ኣብ ግዜ መግቢ ብዝግበሩ ዘረባታት ወይ ምስ ህጻን ዝፈትዎም ካልኦት ሰባት ብዝግበር ዘረባታ ይምዕብል። መዓልታዊ ምስ ህጻን ምዝራብ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ፣ ብዛዕባ ስራሕካ ብዛዕባ ወለድኻ ወይ ውን ብዛዕባ ኣብቲ መዓልቲ ዝጋጠሙ ነገራት ኩሉ ተንቲንካ ንገሮ።ውላድካ ኣብ ማዓልታዊ ትግባራትካ ከም ዝሳተፍ ግበር፣ መግቢ ከተዳሉ ከለካ እንታይ እንታይ ናብ ድስቲ ተእቱ ከም ዘለኻ ንገሮ። ውላድ ብዙሕ ሕቶ ምስ ዝሓትት ወይ ሓደ ሓደ ነገራት ክነግረካ ምስ ዝጀምር፣ ንኣብነት እንታይ ከም ዘሕረቖ ወይ ከም ዘሐጎሶ፣ ካልኦት ህጻናት እንታይ ከም ዝበሉ … ወዘተረፈ። ብኸምዚ መገዲ ውላድካ ሓሳቡ ምግላጽ ክመሃር ክኽእል እዩ።

ህጻናት ከይጋገዩ ምስ ዘይፈርሁን፣ ደስ ዝበሎም ኩነታት ኣብ ዝህልወሉን ዝያዳ ይመሃሩ። ሓደ ሓደ ግዜ ህጻናት ናይ ባዕሎም ቃላትን ድምጽታትን ምፍጣር ይፈትዉ። ህጻን ኣብ ዝተጋገየ  ቀጻሊ ትእርሞ እንተድኣ ኮይንካ ምዕባለ ቋንቋ ናይ ህጻን ጽቡቕ ኣይከይድን። ብዙሕ ግዜ ዝእረሙ ህጻናት፣ ሓሳባቶም ምግላጽ ኣብ ዘይደልዩሉ ደርጃ ክበጽሑሉ ዝኽእሉ ሓደጋ ውን ኣሎ።

ናይ ህጻን ብቕዓት ቋንቋ ክሳብ ዝለዓለ ደረጃ ክብ ከብሉ ዝኽእሉ ተግባራት ኣለዉ፣ ንኣብነት ከም ንህጻን መጽሓፍ ምንባብ፣ ጽውጽዋይ ምንጋር፣ ስእላዊ መጻሕፍቲ ምርኣይ፣ መዝሙር ምዝማር ወይ ድማ ካልኦት ንዕኦም ዝመስሉ ነገራት ምግባር።

### ○ ስእላዊ መጽሓፍ ምስ ህጻን ምርኣይ

ቋንቋ ንምምዕባል ወለዲ ስእላዊ መጻሕፍቲ ምስ ውላዶም ምርኣይ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ፣ እንተ ተኻኢሉ ኩሉ ግዜ ክግበር ጽቡቕ እዩ።ምጽናዕቲ ከም ዝሕብሮ፣ ምስ ውላድካ ሓቢርካ ስእላዊ መጻሕፍቲ ምርኣይ፣ ነቲ ስእልታት ብቛንቋኻ ምግላጽ፣ ንውላድ ዝተፈላለየ ነገራት ይምህሮ፣ እዚ ድማ ካልኦት ቋንቋታት ንምምዕባልን ኣብ ቤትትምህርቲ ካልእ ነገራት ምምሃርን ይሕግዞ።

ስእላዊ መጽሓፍ ክትርእይ ከልኻ እዚ ዝስዕብ ኣገዳሲ እዩ።

- ንህጻንን ወለድን ደስ ዘብል ህሞት ክኸውን፣ ብዙሕ ሕቶታት ንህጻን ምሕታት ደስታ ከጉድለሉ ይኽእል
- ህጻን ብዛዕባ እቶም ስእልታት ኮነ እቲ ታሪኽ ምስኡ ዘሎ ከም ድሌቱ ጌኡ ክዛረብ ክኽእል ኣለዎ።

ስእላውያን መጻሕፍቲ ብቋንቋኻ ኣብዚ ዓዲ እንተ ዘየለዉ፣ ከምዚ ክትገብር ትኽእል። ኣዝዩ ውሑድ ጽሑፍ ዝለዎም ብዙሕ ስእልታት ዘለዎም መጻሕፍቲ ክትጥቀም ትኽእል ኢኻ። ከምዚኦም ዓይነት መጻሕፍቲ ካብ ኣብ ከባቢኻ ዘልዉ በተመጻሕፍቲ ወይ ናይ መዋእለ ህጻናት ቤተ መጻሕፍቲ ክትልቃሕ ትኽእል። ንመምህር መዋእል ህጻናት ውን ሓበሬታ እንተ ሓቲትካዮ ንኽሕግዘካ ድሉው እዩ። መጻህፍቲ ንገዛኻ ትወስድ፣ ብቋንቋኻ ክኣ ነቶም ስእልታት ትገልጸሉ፣ ባዕልኻ ምስ ስእሊ ዝተኣሳሰረ ታሪኽ ክትፈጥር ትኽእል።ህጻን ውን ባዕሉ መጽሓፍ ተለቂሑ፣ ብዛዕባ እቶም ስእልታት ክገልጸልካ ይኽእል እዩ፣ ብቋንቋ ጀርመን ወይ ብቋንቋኻ። ኣብዚ ግዜ እዚ ሓደ ሓደ መጻሕፍቲ ብኽልተ ቋንቋታት ዝተጻሕፉ መጻሕፍቲ ትረክብ ኢኻ። ውላድካ ዝፈትዎ ቀጻሊ ክትደጋግመሉ ዝደልያ መጽሓፍ ክትህልዎ ትኽእል እያ፣ እዚ ክኣ እብ መጽሓፍ ዘልዎ ፍቕሪ ዘዕቢ ጽቡቕ ነገር እዩ።

### ○ ጽውጽዋይ ምሸት ምሸት

ዝበዝሑ ህጻናት ጽውጽዋይ ይፈትዉ። ብዙሕ ግዜ ጽውጽዋይ ካብ ወለዶም ኮነ ካብ ካልኦት ዘመዶም ምስማዕ ዓቢ ምዕባለ ቋንቋ ይፈጥር። ምስማዕ ጽውጽዋይ ምርዳእ ጽውጽዋይ ይፈጥር። ጽውጽዋይ ንኽነግሩ ውን የኽእሎም፣ እዚ ክኣ ኣዝዩ ኣገዳሲ ክእለት ዳሕራይ ኣብ ቤትትምህርቲ ዝጠቕሞም እዩ።ጽውጽዋያት ደረት የብሎምን፣ ብዛዕባ ማዓልታዊ ሂወት ክኾኑ ይኽእሉ፣ ናይ ደቂሕድርትና ክኸውን ይኽእል፣ ወይ ድማ ዕላል ግዜ ንእስነትካ ክኸውን ይኽእል ንህጻን ኮነ ንእኻ ዝስሕብ ጥራሕ ይኹን። እሞ ምሸት ምሸት ጽውጽዋይ ምንጋር ከመይ፧

ካልእ ነገር ንምምዕባል ቋንቋ ኣገደስቲ ዝኾኑ መዝሙር፣ ጸውታ… ወዘተረፈ። መብዛሕትኦም ህጻናት ይፈትውዎም እዮም። ናይ ንእስነትካ መዛሙር ትዝክሮም ዶ፧

- ### ቴለቪዥን ምርኣይ እኩል ኣይኮነን

ህጻን ቴለቪዥን ክርእይ ከሎ መብዛሕትኡ ግዜ ናብ ስእሊ እዩ ዘድህብ፣ ኣብ ክንዲ ኣብ ቃላት ዘድህብ። ብሓፈሻኡ ቴለቪዥን ይርእዩ ብዘይ ምዝራብ።እቲ ካብ ቴለቪዥን ምርኣይ ንላዕሊ ብካሴት ወይ ብወለዲ ዝንገር ጽውጽዋይ ደቂሕድርትና ንህጻናት ቋንቋ ይምህሮም።

- ### ምስ ክልተ ቋንቋታት ምዕባይ  ኣብነት የድሊ

ወለዲ ኣገደስቲ ኣብነታት ህጻናት እዮም። ገሊኦም ህጻናት ወለዶም ከመይ ቋንቋ ጀርመን ከም ዝመሃሩ የስተውዕሉ። ንኣብነት ወለዲ ንውላዶም ትርጉም ሓደ ቃል ይሓትዎ፣ ወይ ወለዲ ኣብ ናይ ቋንቋ ትምህርቲ ክሳተፉ የስተብህሉ።እዚ ንህጻን ኣዝዩ ሓጋዚ ኣዩ። እዚ ነቲ ህጻን የኹርዖን ቋንቋ ጀርመን ንኽምሃር የተባብዖን። ህጻናት ወለዶም ኣብ ምንታይ ከም ዝግደሱ ኣብ ቋንቁኦም ዶ ወይስ ኣብ ክልተ ቋንቋ ምዝራብ የስተውዕሉ እዮም።

**ቋንቋ ዕቹር ሃብቲ** …………

ክልተ ቋንቋ እንዳ ተዛረቡ ዝዓበዩ ህጻናት ዓቢ ዕቹር ሃብቲ ይህልዎም፣ ኣዚ ንዳሕራይ ኣብ ሂወቶም ኣዝዩ ይጠቕሞም። ነዚ ዕቹር ሃብቲ ክወስደሎም ዝኽእል የሎም።

***ንውላድካ ብሩህ መጻኢ ክህልዎ ንምነ።***